ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ደምዳሚ ኣዋጅ 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፣
# ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)

6ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ብእዋናውያን ጭርሖታት ማዕሪጉ፡ ብ21 ሰነ 2013 ኣጋ ምሸት፡ ዕዱማት ወከልቲ፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ፈጻሚት ሃገራዊ ባይቶ፣ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፣ መራሕቲ መሓዙት ፖሎቲካዊ ውድባት፣ ላዕለዎት ሓለፍቲ ፈጻሚት ቤት-ጽሕፈት ስምረት መንእሰያት ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር፣ ሙሁራትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽቡሉ፡ ብድምቀት ተኸፊቱ። ካብ ጽባሕ መኽፈቲ ጉባኤ፡ ተወከልቲ ጉባኤ ሰደግኤ፣ መሓዙት ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ማለት፡ ኤስደለ፣ ደምሓኩኤ፣ ደምሳኤ፣ ሰደተኤ፣ ስምረት መንእሰያት ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር፣ ሙሁራትን ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን ሙሉእ ተሳትፎኦም ዘረጋገጹሉ፡ ብሰፊሕን ዉዑይን ክትዓት ደሚቑ ብ25 ሰነ 2013 ኣገደስቲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ብምሕንጻጽ፣ ማ/ሽማግለን ቁጽጽር ኮምሽን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብምምራጽ ብዓወት ተዛዚሙ ኣሎ።

6ይ-ውድባዊ ጉባኤና፡ ኣብ ትሕቲ ፍሉይን ተኣፋፍን ዞባውን ከባብያውን ኩነታት፡ ኣዝዩ ኣብ ዘሰክፍ ሃገራዊ ኩነታት እዩ ተኻይዱ። ኩነታት ሃገርና ምስ እንርኢ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ በብእዋኑ ኣብ ዓሚቕ ፖሎቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ዓዘቕቲ እናተሸመመ ዝኸደሉ እዋን እዩ። በትረ ስልጣን መንግስቲ ህግደፍ እናረቐቐት ውሽጣዊ ግርጭትን ምብልላዕን እናበኣሰ ዝኸደሉ እዋን እዩ። ምስ ህዝብታትና ዝነበሩዎ ቀጠንቲ ገመዳት እናማህመና፡ ህዝብታትና መሰረታዊ ለውጢ ክረጋገጸሎም ዝጽበዩሉ እዋን ንርከብ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ንላዕሊ ካልእ ስለዘይዓጦ፡ ህዝብታትና ብስእነት ኣድለይቲ ቀረባት፣ ኣገልግሎት ማይ፣ ኤሌትሪክ፣ ብስእነት እኽልን  ምንሃር ዋጋን ከም ሕሱም እናተገረፉ እንከሎዉ፡ ጥሜት፣ ጽምኣትን ዕርቃንን  ከም መቕጽዒ ሓለንጊ እናተጠቐመ ዝርከበሉ እዋን እዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ዝነበሮ እምነት በብእዋኑ እናንቆልቆለ ብምኻዱን፡ ንህዝብታትና ኣብ ጭንቀትን ወጥርን ሸሚሙ ናይ ስልጣን ዕድሚኡ ክልቅብ ክብል፡ ሽማግለታት ወለዲ፡ ዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮ ከይተረፈ፡ ብዘይ ናይ ዕድመ ሞያን ጾታን ኣፈላላይ ብሓይሊ እናገደደ ክዕልምን ከዕጥቕን ጸኒሑን ኣሎን። በዚ ምኽንያት ህዝብታትና እንታይ ዘስግእ ሓድሽ ኩነታት ተረኺበ ብዝብል መንፈስ ኣብ ጭንቀት ክወድቑን፡ ሕሉፍ ሓሊፉ ቂምን ቅርሕትን ዘበገሶ ተርእዮ ምቅትታል ኣብ ዝቀላቐለሉ ሓደገኛ ኩነታት እዩ ተሰላሲሉ። ግን ድማ በዚ ተርእዮታት'ዚ ዕድመ ስልጣን ኢሳያይስን ህግደፍን ክናዋሕ ማለት ዘይሕሰብ ምዃኑ ኣስሚሩሉ ሓሊፉ።

ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ሃገሮም ከም እሾኽ ዳንዴር መርገጺ ስኢኖምላ፡ ሃጽ ኢሎም ንስደት ብቃፍላያት ኣብ ዝውሕዙሉ እዋን እዩ። ካብ'ዚ እቲ ኣዝዩ ዝሓሰመ ድማ፡ ላዕለዎት ናይ ሰራዊትን ድሕንነትን ሰበ-ስልጣናት ህግደፍ፡ ምስ በደዊን ተመሳጢሮም፡ ደድሕሪ ዝተሰደዱ መንእሰያት እናሰዓቡ፡ ኣብ መጻወድያ እናእተዉ 10-ተታት ኣሽሓት ዶላራት ከዕድዩ፡ እንተዘይሰለጦም ድማ፡ ብደዎም፡ ውሽጣዊ ኣካላት ሰብነቶም እናመዝሓቑ ናብ ዕዳጋ ኣውሪዶም ብምሻጥ፡ ኣብ ዘለናዮ መዋእል ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ዘሰቕቕ ገበን ዝፍጽሙሉ እዋን'ዩ 6ይ-ውድባዊ ጉባኤና ተሰላሲሉ። መጻኢ ዕድል ሃገርናን ህዝብታትናን ኣብ ዘሰክፍ ኩነታት ወዲቑ፡ ናይ ርድኡና ኣውያት፡ ናብ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፣ ዓበይቲ መንግስታት፣ ሰብኣውያን ማሕበራትን ማሕበረሰብ ዓለምን ዓው ኢሎም ኣብ ዘስምዑሉ እዋን'ዩ ተኻይዱ። ኮታስ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ኣብ ዝተቓልዑሉ እዋን እዩ ተጋቢኡ።

6ይ-ውድባዊ ጉባኤና ዝተኻየደሉ እዋን፡ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ተቓውሞ ኣብ ትሕቲ ንጹር ራእይ፡ ዓቕምታትና ኣብ ምስማር ርኡይ ለውጢ ከነመዝግብ ኣብ ዘይበቓዕናሉ ብሓደ ሸነኽ፡ ናብ 2ይ-ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምእታው ውሑዳት ኣዋርሕ ተሪፈናና ኣብ ዘለዋሉ እዋን በቲ ካልእ ሸነኽ እዩ። ዘለናዮ እዋን፡ እቶም ቀንዲ ግዳያት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝኾኑ መንእሰያትና፡ ካብ ርእሲ ምድናን፣ እንታይ ገደሰንን ርሑቕ ስደት ምምዕዳውን፡ በብእዋኑ እናተገላገሉ፡ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓን እጃሞም ከበርክቱ ብሰፊሑ ኣብ ዝወዳደቡሉን ኣብ ዲያስፖራ ኣንጻር ህግደፋውያን ምትሕንናቕ ኣብ ዘካይዱሉ ተስፋ ዝህብ፡ ግን ድማ ዘየዛኒ ናይ ብቕዓትን ተሞኩሮን ሕጽረት

ዝረኣየሉ ብሓደ ወገን፡ ውዑይ ቃልስን ንቑሕ ውደባን መንእሰያት፡ ብማዕዶ ዘባህረሮም ተበለጽትን ትምክሕተኛ ታትን፡ ኣበርዓኒ ምንቅስቓሳት ከም ሕሱም ኣብ ዘካይዱሉ እዋን  በቲ ካልእ ወገን እዩ ተሰላሲሉ።

6ይ-ውድባዊ ጉባኤና፡ ንዲሞክራስያዊ ቃልስና ብኣወንታ ዝጸሉ ፖሎቲካዊ ምዕባለታት ዝረኣየሉ ብሓደ ወገን፡ ብጥንቃቐን ብብቕዓትን እንተዘይገጢምናዮ፡ ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ህሉው ዞባውን ከባብያውን ኩነታት በቲ ካልእ ወገን እዩ ተጋቢኡ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዶብ ሃገርና ሰጊሩ፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምሕማስ ዘካየዶ ጸረ ሰላም ምንቅስቓስ፡ ክእርነብ ዝቐረበሉ ተደጋጋሚ መጠንቀቕታታት ብብደዐ ዕሽሽ ብምባሉ፡ ብመተሓሳሰቢ ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ብውሳኔ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታትን፡ ተደራራቢ ማዕቀብ ተበይኑዎ፡ ኣብ ዓሚቕ ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎን ናይ ወጻኢ ሽርፊ ሕጽረትን ተቓሊዑ ኣብ ከቢድ ወጥሪ ተደቒዲቑ ዝርከበሉ እዋን ምዃኑ ካልእ ን6ይ ውድባዊ ጉባኤና ዝተኻየደሉ እዋን ፍሉይ ዝገበሮ እዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ባዕሉ ኣብ ዝኣጎዶ ናይ ዶብ ኵናት ተዶቒሱ፡ ሃገርና ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕማ ክርመሰ ዝገበረ ክነሱ፡ ሎሚ'ውን ጉዳይ ዶብ መሕብኢ ክጥቀመሉን፡ ናይ ውድቀታቱ ቀንዲ ተሓታቲት ምምሕዳር ዋሽንግተን እያ ኢሉ ከእምን ናይ ድሮ ሞት ርካሽ ወፈራት የካይድ ምህላዉ እዩ። 6ይ ውድባዊ ጉባኤና ዝተኻየደሉ እዋን፡ ዕድመ ፋሽሽታዊ ስርዓት ህግደፍ ከብቅዕ ሓጺር እዋን ዝተረፈሉ ብሓደ ወገን፡ እዚ ጨካን ጉጅለ'ዚ መንበረ-ስልጣኑ ንምዕቃብ፡ ውጽኢቶም ናይ ኣጥፊእካ ምጥፋእ ሓደጋ ዘስዕቡ፡ ሰይጣናዊ ውዲታት ክኣልም በቲ ካልእ ወገን፡ ከይደቀሰ ዝሓድረሉ እዋን እዩ።

6ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሓቅታት ብሰፊሑ ድሕሪ ምግምጋም ዝስዕቡ መደምደምታታት ኣቕመጠ።

1. ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ከቢድ ናይ ብርሰት ሓደጋ ብቐዳምነት ንምድሓን፡ ካብ ብሰላም ሓቢርካን ተኸባቢርካን ብቐንዱ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዘቕነዐ ዝምድና ጀሚሩ፡ በብደረጅኡ፡ ዓቕምታት ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዝጥመሩሉ፡ ናይ ምሕዝነትን ሓድነትን መትከላዊ መርሆታት ክንክተል ከምዘሎና።

2. ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ብርሰት ብቐዳምነት ንምድሓን፡ ኣብ ናይ ሓድነትን ቃልስን መትከላዊ ኣሰራርሓ ዝነበሩና ግጉያት ኣረኣእያታት ብምእራም፡ ኣብ እዋናውያን ይኹን ኣብ ዘላቒ ዕላማታት ዘለዉና ፍልልያት፡ ብስልጡን ኣገባብ እነመሓድረሉ መርሆ ምኻታል።

3. መንእሰያት ኤርትራውያን፡ ከም ቀንዲ ግዳያት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን ቀንዲ ሞተር ምዕባለን ለውጥን ሕብረተ-ሰብና መጠን፡ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓን ይኹን ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ኣብ እነካይዶ ቃልሲ፡ ቅድመ ግንባር ኮይኖም ክዋስኡ፡ ነቲ ጀሚሮሞ ዘለዉ ምውድዳብን ውዑይ ቃልስን ምትብባዕ፡ ብቕዓትን ተሞኩሮን ከዋህልሉ፡ ብተበለጽትን ሓይልታት ትምክሕትን ኣብ ልዕሊኦም ዝወርድ ዘሎ ሕሱም ተጻብኦ ኣብ ምምካት፡ ብቑዕ ምትሕግጋዝ ክግበረሎም ዕቱብ ቃልሲ ክነይድ።

4. ህሉው፡ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ሰብኣውን ሞራላውን ኩነታት ህዝብታትና ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ እነካይዶ ዝተመረጸ ኣገባብ ቃልሲ፡  ኣብ ቀንዲ፡ ፖሎቲካዊ፣ ወታደራውን ናይ ጸጥታን ድሕንነት ላዕለዎት ሓለፍቲን ንህግደፍ ደው  ዘበሉዎ ወታደራውን ቁጠባውን ትካላት ዘቕነዐ፡ ብናይ ከተማ ፈዳይንን ናይ ገጠር ደባይ ስርሒታትን ዝተሰነየ፡ ድሕሪ ብቑዕ ፖሎቲካውን ውደባውን ስራሓት ዝውላዕ ህዝባዊ ዓመጽ እዩ። መብዛሕትኡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ከም ኣካል ኣማሳል ህዝብታትናን ደላዪ መሰረታዊ ለውጢ መጠን፡ ኣብ ጎድኒ ህዝቡ ክስለፍ ምግባር ዘይስገር ዕዮ ደለይቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ክኸውን ከምዘለዎ።

5. ብፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዝተወልዐ ኵናት ዶብ፡ ብውሳኔ ኮምሽን ዶብ መዕለቢ ዝረኸበ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኣፈጻጽማ ግን፡ ክሳብ ሎሚ ተንጠልጢሉ ኣሎ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዋላ'ኳ ናይ ምድንጋር ዓቕሙ እናተዳኸመ እንተኸደ፡ ኣብ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ተኸዊሉ ንህዝብታትና እናደናገረ፡ ዕድመ  ስልጣኑ ከናውሕ ክጽዕት ጸኒሑን ኣሎን። ከም ሓቂ፡ ባዕሉ ዕሉል መራሒ ህግደፍ መላኺ ኢሳይያስ ዝኣወጆ ኵናት ዶብ፡ ኣብ ህልውና ኢሳይያስን ህግደፍን ዘላቒ መፍትሒ ኣይርከቦን።፡ ስለዚ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ፡ ከም ቀያድን ናይ መወዳእታን ብምቕባል፡ ኣብ ኣፈጻጽማኡ፡ ንክልቲኦም ጎረባብቲ ኣሕዋት ህዝብታትና ዘላቒ ሰላምንን ምርግጋእን ዘውሕስ፡ መርሆ ዘተ ምኽታል ይግባእ።

6. ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራን ገባቲ ናይ ቁጠባ ፖሊሲኡን፡ በብእዋኑ ናብ ስደት ዘምርሕ ዘሎ ኤርትራዊ ዝወርዶ ዘሎ፡ ኣብ'ዚ መዋእል'ዚ ተራእዩ ዘይፈልጥ ዘሰቅቕ ግፍዒ፡ ቀንዲ መፍትሒኡ፡ ብምዑት ቃልሲ ህዝብታትና ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ምውጋድ ምዃኑ ምእማን፤ ኣብ መስርሕ ዘጋጥሙዎም ዘለዉ ሕሰማት ኣብ ምውጋድ ድማ፡ ማሕበረ ሰብ ዓለም፣ ሰብኣውያን ማሕበራት፣ መንግስታት ከባቢናን ዓለምናን፡ ነዚ ደረቱ ዝሓለፈ ግፍዕታት ኣብ ምግታእ እጃሞም ከበርክቱ፡ ናይ ፖሎቲካውያን ሓይልታት፣ ሲቪክ ማሕበራትን ግዱሳት ኤርትራውያን ዝተወሃሃደ ጻዕሪ የድሊ፤ ጭቡጥ ዓቕምታት ኤርትራውያን ብምውህሃድ ድማ፡ ዝተወሰኑ ጊዜ ዘይህቡ ጸገማት ኣብ ምቅላል ዘቕነዐ ምትሕግጋዝ ክግበረሎም፡ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ብዘይምሕላል ክንጽዕት ይግባእ።

7. ኣብ ከባቢናን ዞባናን ዝምዕብል ዘሎ ኣወንታዊ ፖሎቲካዊ ለውጥታት፡ ኣብ ረብሓ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ብግቡእ ክንጥቀመሉ ዝግባኣና ይኸውን፤ ብኣሉታ ዝጸልዉና ተርእዮታት ድማ፡ ናይ ህዝብታትና ሰፊሕ ተሳትፎ ብምርግጋጽ፡ ብንጹር ራእይ ተገሪሕና፡ ብንቕሓትን ብተወፋይነትን ክንገጥሞም ዝግባኣና ምዃኑ እዩ።

6ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰደግኤ፡ መንግስቲ ኢህወደግን ህዝብታት ኢትዮጵያን፡ ኣብ ልኡላውነትን ነጻነትን ሃገርና ዘለዎም ጽኑዕ መርገጺ ዝድነቕ ምዃኑ ኣረጋገጸ። ካብኡ ንላዕሊ፡ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ቃልስና፡ ብንጹር ራእይ ክንመርሕ ክህቡና ዝጸንሑ ፖሎቲካዊ ደገፋት፣ ብዛዕባ ሃገራዊ ጉዳይና ከይተሰከፍና ክንመክር ዝኸፈቱልና መድረኻት፡ ዝለዓለ ምስጋናኡ ገለጸ። ሃገሮም ገዲፎም በብእዋኑ ናብ ኢትዮጵያ ዝስደዱ ዘሎዉ፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓትት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን፡ ከምኡ'ውን ካብ ቤት ማእሰርቲ ግብጺ ዝተመለሱ ስዱዳት ወገናትና፡ ብሕውነታዊ መንፈስ ተቐቢሎም፡ መጽለሊ ካብ ምሃብ ጀሚሩ፡ ኣብ ከተማታት ብሰላም ክነብሩ፣ ክሳብ ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረኽቡ፡ ንዝሓሸ መነባብሮ ናብ ሳልሳይ ሃገር ክሰግሩ እናገበሩዎ ዝመጹ ምድግጋፍ.....ወዘተ፡ ኣመስገነ። ንመጻኢ'ውን፡ ብሩህ መጻኢ ዕድል ስደተኛታት ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ምጥጣሕ፡ ከምኡ'ውን መስርሕ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ኣብ ምጥንኻር ምድግጋፎም  ክብ ከብሉ ጸወዐ።

ኣብ መደምደምታ፡ 6ይ-ውድባዊ ጉባኤ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ኣገደስትን እዋናውያንን ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ኣመሓላለፈ። ኣብ ሙሉእ መስርሕ ጉባኤ ብዝተሳተፉ ወከልቲ መሓዙት ፖሎቲካዊ ውድባትን ሙሁራትን ዝቐመት ኣማራጺት ሽማግለ ዝመርሐቶ መስርሕ ምርጫ ማ/ሽማግለን ቁጽጽር ኮምሽንን፡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ተኻይዱ፡ 13(ዓሰርተ ሰለስተ) ሙሉኣት ኣባላት ማ/ሽማግለን 2 (ክልተ) ተጠባበቕትን ከምኡ'ውን 3 (ሰለስተ) ኣባላት ቁጽጽር ኮምሽን ብምምራጽ ብዓወት ተዛዘመ።

6ይ-ውድባዊ ጉባኤና፡ ድሕሪ ጽፉፍ ቅድመ-ምድላው፡ ኩሎም ዘድልዩዎ ነገራት ኣማሊኡ ብዓወት ክሰላሰል ዝለዓለ ጻዕሪ ዘካየዱ ውፉያት ኣባላት ውድብና ልዑል ምስጋንኡ ኣቕመጠ። ንተሳትፎ መሓዙት ፖሎቲካዊ ውድባትን ኣገደስቲ ውልቀ-ሰባትን ድማ ኣመስገነ። ን6ይ-ውድባዊ ጉባኤና መካየዲ ዝኸውን ገንዘባዊ ሓገዝ ዘበርከቱልና መሓዙት ውድባት፡ ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጥን ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ(ደምሓኩኤ)ን ብፍሉይ ምስጋንኡ ገለጸ።

ፖሎቲካዊ ውሳኔታት 6ይ-ውድባዊ ጉባኤና ንምዕዋት ንቃለስ!!

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!

6ይ-ውድባዊ ጉባኤ፡
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
25 ሰነ 2013.